ጸጋ ተኽለብርሃን

ኦ እግዝእትነ ማርያም ሰላም ንኣኺ

ኦምልእተ ጸጋ ብምጽናስ ድንግልናኺ ዘይተተንከፈ፣ ብምሕራስ ድንግልናኺ ዘይረስሐ፣ክትወልዲ ድንግል፣ድሕሪ ምላድኪ ድንግል፣ወትሩ ድንግል፣ነዚ ብምሕሳብ የስደምመኒ ኦ ቅድስተ ቅዱሳን፣

"እታ ማዕጾ ዕጽውቲ ኮይና ክተርፍ ኣሎዋ፣ክትክፈት የብላን፣ብኣኣ ዝኣቱ የልቦን፣ተዓጽያ ክትተርፍ ኣሎዋ፣ከመይ ያሽ ኣምላኽ እስራኤል ብኣኣ ኣትዩ ኢዩ"(ሕዝ. 44. 1)

ንስኺ እታ ጻዕዳ ዕንባባ ኣብ ማእከል ኣእሻኹ ዘላ ኢኺ(መሃ.2. 1)፣እታ ዝተቀደሰት ጓል ኢያቄምን ሓናን፣እታ ካብ ምጽናሳ ክሳብ ዕረፍታ ካብ ረሳሕ ሓመድ ድያብሎስ ዝተሓለወት ኢኺ፣ መርዓት እግዚኣብሔር፣ ወላዲተ ኣምላክ፣ ብክልተ ወገናታ ድንግል ኢኺ፣ድንግል ብስጋኺ ድንግል ብሕሊናኺ፣

ንኣኺ ክብርን ስብሓትን ንወድኺ ከኣ ኣምልኾን ስግደትን ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ይኹን

ኦማርያም እግዝእትን እብለኪ ኣደ እግዚእን (ጐይታይ) ስለ ዝኾንኪ፣ቃለ ጽድቁ ንኣብ ናባኺ ስለ ዝሓደረ፣ካባኺ ስለ ዝተወልደ፣

ኦማርያም እግዝእትን እብለኪ ብፍልሰታኺ ንግስትናን ጐይታ ኩሉ ፍጥረት ስለ ዝኾንኪ፣ኦእግዝእትነ ማርያም ናብ መንግስቲ ዙፋን ወድኺ ኢኺ ኣቲኺ፣ ብጽዕናን ቅድስና ዓለም ኢኺ፣ብኣኺ ዝደኸመ የዕርፍ፣ዝሓዘነ ይጸናናዕ፣ዝሓመመ ይሓዊ፣ናብ ድንገት ዘሎ ርግጽቲ ድሕነቱ፣መሓሪት ሓጥኣን፣ መማለዲት ውሉደ ሰብ፣ንጭንቃን ረዳኢቶም፣ነቶም ናባኺ ዝምህለሉ ቀልጣፊ ረዳኢቶም፣ኦእተደንቂ እግዝእትነ ማርያም ንኣን ንታሕቲ ጠምቲ፣ ንሕይወትና ምርሒ ኩሉ ድላይኪ ክምእንገብር ግበሪ ማእበልናን ክፍኣትናን እለይልና፣ነቲ ዚመጽእ ብጽዕና ኣውህብና፣ናብቲ ፍቁር ወድኺ ኢየሱስ ሕጅን ጊዜ ሞትናን ለምንልና፣

ክምቲ ኢየሱስ በብኡ ብርቱዕ ተሰማዕነት ዝነበሮ፣ከምኡ እግዝእትነ ማርያም ብወዳ ብርግጽ ምሉእ ብምሉእ ተሰማዕነት ኣሎዋ፣ከመይ ሞጎስ ካብ ኣምላኽ ረኺባ ኢያ፣

ኩሉ ዝበሃገ ነገራት፣እግዚኣብሔር ኣብ ማርያም ስለ ዘቀመጠ ብማርያም ብርግጽ ክንረኽቦ ንኽእል፣ታሕጓስ፣ሕይወት፣ተስፋ፣ጸጋ፣ድሕነት ካብኣ ኣካዕቢቱ ኢዩ ዝመጽኣና፣ጸጋ እንተደሊና ብማርያም ንድለዮ፣ነቲ እንደልዮ ከኣ ብርግጽ

ክንረኽቦ ኢና፣ህያብ ክንገብር እንተደሊና ብማርያም ንግበሮ በዚ መስኖ እዚ ናብ ፈጣሪ ምስ በጽሐ እቲ መስኖ ጸጋ መሊኡ ክምለሰና ኢዩ፣ ማርያም ካብ ሕይወትካ እንተ ኣለኻ እንታይ ይተርፈካ፣ጽላሎት-ሞት፣ተስፋ-ቊርጸት፣ጭንቂ፣

ክፍኣት ወዲ ሰብ ወሰን ስለ ዘይብሉ፣ሰብ መተዓረቒ የድልዮ፣ካብ ማርያም ዘስልጥ ሓደኳ የልቦን፣ሓደኳ ንኣኣ ክፈርሓ የብሉን ከመይ ጥዕምቲ ብቃላ ሰናይ ብምግባራ እያ፣ ንሳ ምሕረትን ርሕራሔን ዝመልኣት እያ፣ንዛ መተዓረቒት ዝሃበና መተዓረቒ ኣምላኽና ቡሩኽ ይኩን፣ኣኪዳን ምሕረት ብምሕረትኪዶ ስቅ ክብል እኽእል እየ፣ናባኪ ኣብ ብርቱዕ ጭንቁ ዝለመነ ሰብ ከይተሰምዐ ዝተረፈዶ ኣሎ እዩ፣

ኦንል መርዓ ኣብ ምድሪ መርዓ ዘይብልኪ ናብቲ ሰማያዊ መርዓኺ ዕዱም ክምዝከውን ግበርኒ፣ንዛ መዓልቲ እዚኣ ከኣ ክም መዓልቲ መርዓኺ ውሰድለይ፣ ንክደርፈልኪ ከኣ ኣርጋኖ ሕሊናይን ከናፍረይን ኣንቀሳቅስዮም ስቅ ከይብሉ፣

መን ኣሎ ካብ ማርያም ዚጥዕም ንመንፈሰይ ማረኺቶ፣መሰንቆኣን ከበሮኣን ገበረትኒ፣ክድቅስ ክትንስእ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እያ፣

ስብሓት ለማርያም እመ ኣምላክ፣እግእትነ ወመድሓኒትነ